ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.info@gmail.com

# ቃል ሓዘን ብመስዋእቲ
# ብጻይናዓብዱልዋሰዕ መሓመድ ሓሰን

ክቡር ሓርበኛ ብጻይና ዓብዱልዋሰዕ መሓመድ ሓሰን ድሕሪ ነዊሕን ከቢድን ሕማም፣ ብዕለት 15/12/2023 ኣብ ግብጺ ከተማ ካይሮ ብሞት ብምፍላዩ መሪር ሓዘን ተሰሚዑና።



ሓርበኛ ብጻይና ዓብዱልዋሰዕ፣ ኣብ 1953 ኣብ ከተማ ከረን ተወሊዱ፣ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብኡ ኣጠናቒቁ። ከም ብዙሓት መንእሰያት ሃገርና ድማ ኣብ 1975 ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብምስላፍ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ-ቃልሲ ልዑሉ ገድላዊ ኣስተዋጽኡ ኣበርኪቱ። ድሕር'ቲ ብውዲታዊ ምሕዝነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ኣብ ልዕሊ ውድብና ዝተፈጸመ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ተ.ሓ.ኤ. ናብ መሬት ሱዳን ክትስሕብ ምስ ተገደደትን፣ ቀጺሉ'ውን ኣብ ውሽጣ ብዝጋጠመ ምፍንጫላትን፣ ብጻይና ዓብዱልዋሰዕ መሓመድ ሓሰን ሃገራዊ ቃልሱ ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ብተዋፋይነት ቀጺልዎ። ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ቃልሲ፣ ብፍላይ ድማ ከም ጠቕላላ ተቖጻጻሪ ውድብን፣ ድሒሩ'ውን ከም ሓላፊ ማእከላይ ሳጹን ውድብ ኣብ ሱዳንን ኮይኑ ልዑል ተራ ተጻዊቱ።

ብጻይና ተጋዳላይ ዓብደልዋሰዕ፣ ልኡምን ምቕሉልን ህዱእ ባህሪ ዘለዎን፣ ኣብ ስርሑ ድማ ውፉይ ምንባሩን እቶም ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ምስኡ ዝሰርሑ ተጋደልቲ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።

ብሞት ብጻይና ሓርበኛ ዓብዱልዋሰዕ መሓመድ ሓሰን ዝተሰመዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ብስም መላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ንኩሎም ቤተ ሰብን፣ ብፍላይ ድማ ንኽብርቲ በዓልቲ ቤቱ ተጋዳሊት ሰሚራ ጸጋይን ክቡራት ደቁን ኣሕዋቱን፣ ንኩሎም ሃገራውያን ተቓለስትን ጽንዓትን ኣኻእሉን ክህበናን፣ ንስዉእ ብጻይና ድማ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ጀንኡ ክቕበሎን ናይ ወትሩ ጸሎትና ኢዩ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
16 ታሕሳስ 2023